# መልሲ ንብጽልኢ ዝተደረኹ ሃሰይቲ ፍጻመታት



Waterloo STRONG CONNECTED

## ጥዕይ ጉርብትና ከባቢ፡ ካባኻዩ ዝጅምር

# ብኸመይ ክትራኸቡና ከም እትኽእሉ

### ናይ ከባቢ ኣባላት

**Neighbourhoods Team**
✉ neighbourhoods@waterloo.ca  📞 519.747.8772

### ናይ ዕርቂ፣ ማዕርነት፣ ተበጻሕነት፣ ፍሉይነይን፣ ንኹሉ ሓቛፍን ኣባላት

**(Reconciliation, Equity, Acessibility, Diversity, and Inclusion Team**
✉ diversityandinclusion@waterloo.ca

**TTY**
📞 1.866.786.3941 (TTY)

### እዋናዊ ዜና ብኢንተርኔት (E-NEWS UPDATES)

ብዛኣባ ኹሉ ኣብ ከባቢኹም ዝኸውን ወርሓዊ እዋናዊ ዝኾነ ዚና ንምርካብ፡ ኣብ waterloo.ca/subscribe ብምኻድ ተመዝገቡ። እዚ ናይ ዋተርሉ ኣከባቢ፡ ብዛዕባ ፕሮጀክትታትን፡ ድጋፍን፡ ሓሳባትን፣ እንታይ ይግበር ከምዘሎን ዝሕብሩ ሓበሬታታት የጠቓልል።

### ነዚ ሓበሬታዚ ክትረኽብዎ እትኽእልሉ ካልኦት መገድታት

ነዚ ትሕዝቶዚ ብኻልኦት ምገድታት ክትርኽብዎ እንተደለኹም፡ ኣቐዲምኩም ተወከሱና። ብኽብረትኩም፡ ካብ 3-5 መዓልታት ኣቐድም ኣቢልኩም ኣፍልጡና።

---

# መጠንቀቕታ ብዛዕባ እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ

ኣብዚ ትሕዝቶዚ ዘሎ ሓበሬታ፡ ንተመኩሮታት ዓሌታውነትን፣ ኣድልዎን፣ ንምልክታት ጽልእን፣ ንጥዕና ኣእምሮን፡ ንኻልኦት ናይ ውልቃውን ማሕበረሰብኣውን ጽቡቕ መነባብሮ ጽልዋ ዘለዎም መዳያት ዝምልከት እዩ። ገለ ካብዚ ትሕዝቶዚ ንምንባብ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ከምኡውን ንገለ ሰባት በዳህቲ ውልቃዊ ተመኩሮታት ዘዘኻኽሩ ክኸውን ይኽእል። ኩሎም ሰባት ነዚ ሓበሬታዚ ከንብቡን ክግምግሙን እንከለዉ፡ ንናይ ገዛእ ርእሶም ጽቡቕ ሂወት (ጥዕና) ቀዳምነት ክህቡ ንላቦ። ዝኾነ ይኹን ደገፍ ክትረኽቡ እንተደለኹም፡ ነዞም ዝስዕቡ ናይ ደገፍ ማእከላት ተረኽብዎም።

ናይ ዞባ ዋተርሉ ተሓባብሪ ኣገልግሎት ምኽሪ

Counselling Collaborative of Waterloo Region - 519-804-1097

Here 24/7 - 1-844-437-3247 (HERE247)

---

# ንምንታይ እዚ መምርሒ እዚ ንዓኻ ወይ ንኻልኦት ክድግፍ ዝኽእል

ዝተፈላለየን ንኹሉ ዝሓቁፍን ማሕበረሰብ ምድጋፍ ማለት፡ ኩሉ ሰብ ናይ ኣባልነትን ምትእስሳርን ስምዒት ዘለዎ ከተማ ንምፍጣር ይሕግዝ። ካብ ጽልኢ ዝተበገሱ ጽሑፋትን ስእልታትን፡ ካልኦት ጽልኢ ዝመልኦም ፍጻመታትን፡ ነቶም ዝምልከቶም ብጣዕሚ ጉዳኢ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ድማ፡ ነዞም ናይ ጽልኢ ተመኩሮታት ብዝተፈላለየ መንገዲ ከሰላስሎም ስለዝኽእል፡ ከም ውጽኢት ናይ ዝኾነ ናይ ጽልኢ ተግባር ድማ፡ ኩሎም ክረኽቡዎ ዝኽእል ደገፋት፡ ሓገዝቲ ኰይኖም ክረኽቦም ይኽእል። እዚ መምርሒ እዚ፡ ንኰሮባብቲ ነቶም ዝፍጠሩ በዳህቲ  ፍጻመታት ጽልኢ ንምብዳህ ክክሰርሑ ንምሕጋዝ ዝዓለመ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ውልቀ-ሰብን ኅረባብትን፡ እቲ  ብዝያዳ ክጠቕሞም ዝኽእል ክድህስሱን በይኖም ከምዘይኮኑ ክፈልጡን ይግባእ። ብኽብረትኩም፡ ነዚ መምርሕን ካልእ ኣብ ናይ ደገፍ መርበባትኩም ዘለዉ ጸጋታትን ተጠቒምኩም፡ ነቶም ዝተጉድኡ ዝኸውን ሓገዝ ንምንዳይን ማሕበረሰባዊ ክንክን ከምዘሎ ንምርኣይን ተጠቐሙሉም።

ኣብዚ መምርሒዚ፡ እዞም ዝስዕቡ ክትረኽቡ ኢኹም፥

- ሓበሬታ ብዛዕባ ጽልእን ኣድልዎን
- ፍጻሜታት ጽልኢ ብኸመይ ከም እትሕብር
- ንኹሉ ዝሓቁፍ ማሕበረሰብ ምንምፍጣር ዝሕግዙ ሓሳባት ባዛዕባ ከባቢታት ክወስድዎም ዝኽእሉ ስጉምቲታት

# ጽልእን ኣድልዎን እንታይ ማለትዩ?

## ትርጉምን መብርሂታትን

**2SLGBTQ+:** 2SLGBTQ+ ብዙሕ ቃላት ዝሓቑፈ ኣሕጽሮት-ቃል ኰይኑ፡ ነቶም ብብዝሒ ዝዝረበሎም ኲዊር መንነታትን/ወይ ዝንባለታትን ዘመልክት እዩ። ንሳቶ ድማ፡ 2ተ መንፈስ (2 Spirit)፣ ለዝቢያን (Lesbian)፣ ገይ (Gay)፣ ባይሴክሿል (Bisexual)፣ ትራንስጀንደር ን(Transgender)፣ ኲዊርን/ዘይወሰኑን(Queer/ Questioning)። ብዙሓት ኣብ 2SLGBTQ+ ዘይኣተዉ ኲዊር መንነታትን ዝንባሌታትን ስለዘለዉን፡ እቲ ዝርዝር ርድኢትና እናማዕበለ ምስ ከደ ስለዝቕየርን ዝዓብን፡ ንኹሎም እቶም ካልኦት በቲ ኣሕጽሮት=ቃል ዘይተሸፈኑ መንነታት ንምሕዋስ ነቲ + ንጥቀመሉ (Spectrum, 2023)።

**ጸረ-ኣስያዊ ዓሌታውነት:** ጸረ-ኣስያውያን ዓሌታውነት ኣብ ካናዳ፡ ካልኦት ብዛዕባ ብሄሮምን ዜግነቶምን ኣብ ዘለዎም ግምት ዝተመርኮሰ፡ ኣስያዊ መበቆል ንዘለዎም ህዝብታት ዘጋጥሞም ታሪኻውን ቀጻልን ኣድልዎን፡ ኣሉታዊ ጽልዋታትን በደልን የመልክት። መበቆሎም ኣስያውያን ንዝኾኑ ህዝቢ፡ ብውልቃውን ስርዓታውን ደረጃታት፡ ግዳያት ናይቲ ፍሉይ ግሁድን ረቂቕን ዓሌታዊ ቃላትን ዝጠቓልሉ እዮም።  እዚ ድማ ቀጻሊ ዝኾነ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካውን ባህላውን ምግላልን፣ ምጉዳል ዘይምዕሩይ ኣተሓሕዛን የስዕብ። እዞም ዓሌታዊ ፍሉይነታት እዚኦም፡ ኣብቲ ካናዳ ዝነበራ ነዊሕ ታሪኽ ናይ ዓሌታውነትን ምግላልን ሕግታት ዝተመስረቱ ኮይኖም፡ መብዛሕትኡ ግዜ ንመበቆል ኣስያውያን  ህዝብታት ዘጋጥሞም ዕሌታውነት ዝሽፍኑ ምኺኖም ከይኣከል፡ ነቲ ኣብ ምህናጽ ካናዳ ዝገበርዎ ታሪኻዊ ኣበርክቶ ዝድምስሱ እዮም።. እዚ ኣስያዊ ዝብል ቃል ንባዕሉ፡ እቲ ኣስያዊ ዝብል ቃል ከደብዝዞም ዝኽእል ብዚሓት መንነታት ዘጠቓልል እዩ። ዋላኳ ኩሎም ዓሌታት፡ ናይ “ካልእነት” ተመክሮታት እንተለዎም፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ኣስይውያን ዘወርድ ጸረ-ኣስያዊ ተመክሮታት ዓሌታውነት ግና፡ ዝተፈልየ እዩ። ገሊኦም ብቐጻሊ ኣስጋእቲ ኮይኖም ክረኣዩ እንከለዉ፡ ገሊኦም ብጾታዊነትን ከምዘይፍሉጣት ፍጥረትን ናይ ምርኣይ ዓመጽ ይገጥሞም፣ ንገሊኦም ድማ፡ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን (ብኢንተርነት) ጽልእን ዓሌታዊ ስእልታትን ብዝያዳ ይበጽሖም፣ ንገሊኦም ድማ፡ እስልምናዊ-ጽልእን ካልእ ዓይነት ሃይማኖታዊ ኣድልዎን የጋጥሞም።  (Government of Canada, 2023)።

**ጸረ-ጸለምቲ ዕሌታውነት:** እዚ ኣብ ልዕሊ ኣፍሪቃዊ መበቆል ዘለዎም ሰባት ዘቕነዐን፡ ኣብቲ ፍሉይ ታሪኾምን ተመኩሮ ባርነቶምን ዝተመስረተ ጽልእን፣ ኣተሓሳስባን፣ እምነትን፣ ጸለመን፣ ኣድልዎን እዩ። እዚ ናይ ጸረ-ጸለምቲ ዕሌታውነት፡ ኣብ ትካላትን፣ ፖሊሲታትን፣ ኣሰራርሓን ካናዳ፡ ኣዝዩ ሱር ዝሰደደ ኮይኑ፡ ጸረ-ጸለምቲ ዕሌታውነት ወይ ብተግባር ከም ንቡር ነገር ቅቡል ይኸውን፤ ወይ ድማ ነቲ ዝዓበየ ሕብረተሰብ ጻዓዱ ዘይርአ ወይ ከምዘየሎ ነገር ይኸውን። እዚ ጸረ-ጸለምቲ ዓሌታውነት፡ ኣብ ታሪኽ ናይቲ ሕጂ ዘሎ ማሕበራውን፣ ቁጠባውን፣ ፖለቲካውን ምግላል ኣፍሪቃውያን-ካናዳውያን፡ ኣብ ሕብረተሰብ ከም ብሕጽረት ዕድላት፣ ብትሑት ማሕበረ-ቁጠባዊ ደረጃ፣ ብዝለዓለ ሽቕለት-ኣልቦነት፣ ብርኡይ ብዝሒ ድኽነትን፣ ኣብ ስርዓተ ገበናዊ ፍትሒ ድማ፡ ብልዕሊ ዓቐን ዝኾነ ውክልና ወጽዓ ይግለጽ። (Government of Ontario, 2023).።

**ጸረ-ሴማውነት (ኣይሁዳውነት):** ብዛዕባ ኣይሁዳውያን ፍሉይ ዝተወሰነ ኣረኣእያ ኮይኑ፡ እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ ኣይሁዳውያን ብጽልኢ ክግለጽ ይኽእል። ብዘረባን ኣካላውን መግለጺታት ጸረ-ሴማውነት፡ ናብ ኣይሁዳውያን ወይ ዘይኣይሁዳውያን ውልቀሰባትን፣ ወይ ኣብ ንብረቶም፣ ናብ ኣይሁዳዊ ማሕበረሰባዊ ትካላትን ሃይማኖታዊ መሳለጥያታትን ዘቕንዐ እዩ። ብዘረባን፣ ብጽሑፍን፣ ብስእላዊ ቅርጽን፡ ተግባርን ዝግለጽ ኮይኑ፡ ኣሰቃቒ ጽልዋታትን፡ ኣሉታዊ ባህርያትን ዝጥቀም እዩ። (International Holocaust Remembrance Alliance, 2023)።

**ኣድልዎነት/ምድላው:** ብሰንኪ ዓሌት፣ ሃይማኖት፣ ጾታ፣ ወይ ካልእ ውልቃውን ማሕበራውን ባህርያት፡ ኣብ ልዕሊ ሰባት ዝግበር ዘይምዕሩይ ኣተሓሕዛ ወይ ኣድልዎ እዩ። ኣብ ስራሕካ፣ ኣብ ኣገልግሎት ኣባይቲ፣ ወይ ኣብ ማሕበራዊ ርክባትካ፡ ከም ምስ ወሃቢ ኣገልግሎታት ዝኣመሰሉ፡ ኣድልዎ ዝዝውተር እንተኾይኑ፡ ብመንገዲ ቤት ፍርዲ ሰብኣዊ መሰላት ኦንቴርዮ፡ ሕጋዊ ሲቪላዊ ስጉምቲ ክውሰድ ይከኣል (Report Hate, 2023)።

**ገለልቲ ዝኾኑ ባህርያት:** ብ "ማይክሮኣግሬሽን" (microaggressions) ዝፍለጡ ሕቡኣት ንኣሽቱ መጥቃዕቲ (ኣብዚ ግዜዚ ዘይንጥቀመሉ ቃል እዩ ምኽንያቱ ጽልዋ ናይዞም ባህርያት "ንእሸቶ" ስለዘይኮነ)። ገለልቲ ዝኾኑ ባህርያት፡ ንሓደ ፍትሓውነት ዝግብኦ ጉጅለ ወይ ውልቀሰባት፡ ብኣሉታ ዝጸልዉ ርእይቶታት ወይ ተግባራት እዮም። ምግላል፡ ኮነ ኢልካ ወይ ብዘይፍላጥ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ካብ ጽልኢ ዝድርኾ ተግባራት ዝያዳ ዝረቐቐ እኳ እንተኾነ፡ ምስ ግዜ ግን ኣብ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ሓደ ሰብ ሃሳዪ ጽልዋ ኣለዎ። ከም ኣብነት፡ ካብ ጽሑፍ የቱንደ ሆፍማን (Yetunde Hofmann) ከም እንረኽቦ፡ ስሚዒት ዘይብሉ ርእይቶ ወይ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ሓረግ ኣሎ፥ "ሓሳባተይ ኣብ ጸማም እዝኒ ወዲቑ" ዝብል,ብሂል፡ ንሓደ ናይ ሓቂ ጸማም ሰብ፡ ጽርፍን ዝጎድእን ክኸውን ይኽእል እዩ (Hofmann, 2022)።

**ጽልኣዊ ወንጀል/ ገበን**: ኣብ ገበናዊ ሕጊ ናይ ካናዳ፡ ብፍሉይ (ብፍሉጥ) "ገበን ጽልኢ" ( ወይ ጽልኣዊ ውንጀል) ዝብል ዓንቀጽ ክሲ የለን፣ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ገበናዊ ካናዳ ግና፡ ምስ ጽልኢ ዝተኣሳሰሩ ሰለስተ ሕግታት ኣለዉ፤ ምጉስጓስ ምጽናት ዓሌት፣ ሕዝባዊ ምልዕዓል ጽልእን፣ ጽልኢ ምልዕዓልን፣ ኮነ ኢልካ ጽልኢ ምብርትታዕን። ምጉስጓስ ምጽናት ዓሌት ማለት፡ ንምጽናት ዓሌት ዝጣበቕ ወይ ዘስፋሕፍሕ ሰብ እዩ። ሕዝባዊ ምልዕዓል ጽልኢ ማለት፡ ዝኾነ ሰብ፡ ኣብ ዝኾነ ሕዝባዊ ቦታ፡ ማለት ናብ ምፍራስ ሰላም ከብጽሕ ተኽእሎ ኣብ ዘለዎ ቦታታት፡ መግለጺታት ብምትሕልላፍ፡ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ጉጅለ ጽልኢ ዘለዓዕል ሰብ እዩ። ዝኾነ ሰብ፡ ኮነ ኢልካ ጽልኢ ዘበራትዕ መግለጺታት ብምውጻእ፡ ካብ ናይ ብሕቲ ዕላል ወጻኢ፡ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ መንነቱ ፍሉጥ ዝኾነ ጉጅለ፡ ኮነ ኢሉ ጽልኢ ዘስፋሕፍሕ ሰብ እዩ። ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ መግለጺታት፡ ነቶም ብጽልኢ ዝተደረኹ ገበናትን፣ ብጽልኢ ዝተደረኹ ፍጻመታትን፣ ብጽልኢ ዝተደረኹ ባህርያት ንምምዳብ ዝሕግዙ መንገድታት ንምግላጽ ይሕግዙ (Government of Canada, 2023; Waterloo Regional Police Services, 2023)።

**ጽልኢ ዝደረኾ ወንጀል/ገበን፡** ካብ ከም ጽልኢ እስልምና (Islamophobia)፣ ጽልኢ ባዕዳውያን (xenophobia)፣ ወይ ዓሌታውነት ዝኣመሰሉ ነገራት ዝመጽእ ገበናዊ ተግባራት እዩ። ንኣብነት፡ ኣካላዊ መጥቃዕቲ ከም ሕጃብ ምስሓብ፣ ምትፋእ፣ ምድፋእ፣ ወይ ምዕናው ንብረት ብሰንኪ ጽልኢ ናይ ፍሉይ ባህሊ፡ ዓሌት ወይ ቅርሲ (ባህላዊ ውርሻ)።

ፖሊስ ንሓደ ፍጻመ ምስ ጽልኢ ዝተኣሳሰር ምዃኑ ምስ ኣለለየ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ድማ እንተተረጋጊጹ፡ ሳዕቤኑ ከምቲ ዳኛ ዝወሰኖ ይኸውን። (Report Hate, 2023)።



**ብጽልኢ ዝተደረኹ ፍጻመታት:** ከም ጽልኢ እስልምና፣ ጽልኢ ወጻእተኛታት፣ ወይ ዓሌታውነት ዝኣመሰሉ ነገራት ዝድርኾም ዘይገበናዊ ተግባራት ማለትዩ። ከም ኣብነት፡ ሓደ ሰብ ካብ መኪናኡ፡ "ኣቱም ኣሸበርቲ" ኢሉ እንተጨደረ፣ ወይ ድማ፡ "ስደተኛታት ጸላእኩ" ዝብል ሰብ። ንሓደ ዝተነጸለ ፍጻመ ወይ ኣጋጣሚ፡ ዝኾነ ይኹን ሕጋዊ ስጉምቲ ክውሰድ ኣይከኣልን እዩ። ግናኸ ብኻልእ መንገዲ ክእለ ኣለዎን፣ ክእለውን ይከኣል እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ምስ መምህራንን ርእሰ-መምህራንን ብምትሕብባር፡ ኣብ መንእሰያት ከየጋጥም ምእንቲ፡ ገለ ናይ ዲሲፕሊናዊ ስጉምትታት ክህሉ ምግባር ይከኣልዩ፣ (Report Hate, 2023)።

**ጽልኢ ግብረሰዶማውያን:** ኣብ ልዕሊ ግብረሰዶማውያን ናይ ጽልኢ፡ ፍርሒ ወይ ናይ ንዕቀት ስምዒት ምህላው (Spectrum, 2023)።

**ጽልኢ እስላምና**: ዘይምኽንያታዊ ፍርሒ፣ ጽልኢ፣ ወይ ኣድልዎ ኣብ ልዕሊ እስልምና ወይ ኣብ ልዕሊ ኣስላም ምህላው (Merriam-Webster, 2023)።

**ጽልኢ ጾታ-ኣልቦነት**: ኣብ ልዕሊቲ ነቲ ክልተኣዊ (ተባዕታይ/ኣንስታይ) ዝነጽግ ጾታዊ መንነታት፡ ናይ ጽልኢ፡ ፍርሒ ወይ ናይ ንዕቀት ስምዒት ምህላው (Spectrum, 2023)።

**ዕሌታውነት:** ኣብ ዓሌት ዝተመርኮሰ፡ ንሰባት ዘይምዕሩይ ዕድላትን ውጽኢትን ዝፈጥር መስርሕ ስርዓታትን፣ ፖሊሲታትን፣ ተግባራትን፣ ኣተሓሳስባን ማለትዩ። ዕሌታውነት፡ ካብ ናይ ሓሳብ ወይ ተግባር ቅድመ-ፍርዲ ዝገደደዩ። እዚ ጽልኢዚ – ውልቃዊ ይኹን ወይ ትካላዊ – ንኽትፈላልን ንኽትዕምጽን ብሓይሊ (ስልጣን) ዝተሰነየ፡ ንመሰላት ካልኦት ክትገፍዕ ወይ ንኽትድርት፡ ዝግበር ቅድመ-ፍርዲ እዩ። (Australian Human Rights Commission, 2023)።

**ሓዳሲ ወይ ሃናጺ ፍትሒ:** ነቲ ጉድኣት ዘስዓበን፣ ነቶም በቲ ጉድኣት ዝተሃሰዩ ሰባትን ሕብረተሰብን ዘሳትፍ፡ ግርጭትን ገበንን ንምፍታሕ ዝሕግዝ መንገዲ እዩ። (Community Justice Initiatives, 2023)። እዚ መገዲዚ፡ ምርድዳእ ኣብ ምፍጣርን፣ ተሓታትነት ኣብ ምህናፅን፣ ዝምድናታት ኣብ ምምላስን ዘተኮረ እዩ። እዚ ሓዳሲ ወይ ሃናጺ ፍትሒ፡ ንዘተን ምርኻብን፡ ከም መገዲ መፍትሒ ግርጭታትን፡ መፍትሒ ጉድኣትን ይጥቀመሎም (Report Hate, 2023)።

**ትራንስፎቢያ፡** ኣብ ልዕሊ ትራንስጀንደር ሰባት ጽልኢ፡ ፍርሒ ወይ ናይ ንዕቀት ስምዒት ምህላው (Spectrum, 2023)።

**ጽልኢ ባዕዳውያን**: ኣብ ጓኖት ወይ ባዕዳውያን፡ ወይ ኣብ ዝኾነ ጓና ወይ ባዕዳዊ ነገር ፍርሕን ጽልእን ምህላው (Merriam-Webster, 2023).

---

ብዛዕባ ዓሌታውነትን ኣድልዎን ብኹሉ መልክዑ፡ ብዝያዳ ንምፍላጥን ሓበሬታ ንምርካብን፡ ኣብ ዞባ ዋተርሉ ዓሌታውነት ንምውጋድ ስጉምቲ ንምውሳድ ዝሕግዙኻ መሳርሒታታን ሓበሬታን ንምርካብን፡ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ብምኻድ ተወከሱ፡ Racial Equity WR webpage። (Immigration Waterloo Region, 2023).

ብዛዕባ መልከዓት 2SLGBTQ+ ኣድልዎን፣ ሓበሬታን ብዝያዳ ንምፍላጥ፡ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ብምኻድ ተወከሱ፡ Spectrum webpage

## ኣብ መንጎ ብጽልኢ ዝተደረኹ ገበናትን፡ ኣድልዎን፣ ፍጻመታት ጽልእን፡ እንታይ ፍልልይ ኣሎ?

**ብጽልኢ ዝተደረኹ ገበናት** ማለት፡ ነቲ ንሱ ዘስዕቦ ጉድኣት ንምቁራጽን ንምጽራይን፡ ተሳትፎ ፖሊስ ዝሓትት ገበናዊ ተግባር እዩ። ድሕሪኡ፡ እዞም ጉዳያት/ገበናት፡ ብጠበቓታት ኣቢሎም ኣብ ገበናዊ ኣብያተ ፍርዲ ይረኣዩ። ብዛዕባ ገበናት ብኸመይ ከም ዝምደቡ ዝያዳ ንምፍላጥ፡ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ኣገልግሎት ፖሊስ ዞባ ዋተርሉ ብምኻድ [classifying hate and crime video](classifying hate and crime video) ተወከስ።

**ኣድልዎነት/ምድላው፡** በዘን ሓሙሽተ ፍሉያት ኩነታት (ማለት ኣብ ስራሕ ቦታ፣ ኣብ ኣገልግሎት ኣባይቲ፣ ኣብ መዳያት መንነት፣ ኣብ ውዕላት (ስምምዓት)፣ ወይ ኣገልግሎታት)፡ ኣብቲ ብቤት ፍርዲ ሰብኣዊ መሰላት ኦንቴርዮ ዝፍለጥ፡ ሲቪላዊ ቤት ፍርዲ ክውሰድ ይከእል።

**ብጽልኢ ዝተደረኹ ፍጻመታት:** ዋላኳ ኣብ ስርዓት ቤት ፍርዲ ክፍረድ ኣጸጋሚ ክኸውን ዝኽእል እንተኾነ፡ ነቲ ዘስዕቦ ጽልዋታት ንምግጣም ዝሕግዙ መንገድታት ግና ኣለዉ፥ ከም ብመንገዲ ኣካላት ኣኽበርቲ ሕጊ፣ ወይ ብከባብያዊ ትካላት (Coalition of Muslim Women of KW, 2023).

ዋላኳ ፍልልያት እንተሃለዉና፡ እዞም ተግባራት እዚኦም ኣብ ሕብረተሰብና ተቐባልነት ዘይብሎም ስለዝኾኑ፡ ክጋለጹ ይግባእ። ብኸመይ ክጋለጹ ከምዘለዎም ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ዝስዕብ መርበ ሓበሬታ ብምኻድ ተወከስ፥ [visit the ways to report section below.](visit the ways to report section below.)

### ብጽልኢ ዝተደረኸ ስዕላዊ ጽሑፍ ምጽሓፍ እንታይ ማለት እዩ?

ብጽልኢ ዝተደረኸ ስዕላዊ ጽሑፍ (ግራፊቲ)፡ ኣብ መንነት ዝተመርኮሰ (ማለት ዓሌት፣ ሕብሪ፣ መበቆል፣ መበቆል ሃገር ወይ ብሄር፣ ዕድመ፣ ሃይማኖት፣ ኣካላዊ ወይ ኣእምሮኣዊ ስንክልና፣ ጾታዊ ዝንባለ፣ ጾታ ወይ ጾታዊ መንነት)፡ ኣብ ልዕሊ ሓደ ሰብ ወይ ጉጅለ ወይ ደርቢ፡ ብጽልኢ ንምጉዳእ ወይ ጽልኢ ንምዝርጋሕ ዝዓለመ ዓይነት ጽሑፍ እዩ።

ኣብነታት ብጽልኢ ዝተደረኹ ስዕላዊ ጽሕፉት:

- ናይ ስዋስቲካ ምልክት ኣብ መንደቕ ምስኣል
- ኣብ ሓደ ማሕበረሰብ ወይ ከባቢ፡ ኣብ ምልክት ሓበሬታ፡ ጽልኢ ግብረሰዶማውያን ዝገልጹ፣ ዝተቐብኡ ቃላት ወይ ሓረጋት።
- ብጽልኢ ባዕዳውያን/ወይ ዓሌታዊ መልእኽትታት ብምጽሓፍ ንብረት ምብልሻው
- ጸረ እስልምና ዝገልጽ ጸርፍን ስምዒታትን፡ ኣብ መስጊድ ወይ ህንጻ ኣስላማዊ ትካል ምቕባእ

(Community Justice Initiatives, 2023)

ስኣላዊ ጽሑፍ ምስኣል ኣብ ካናዳ ገበን እዩ። ስለዚ፡ ጽልኢ ዝገልጽ ዘረባ ወይ ምልክታት ጽልኢ ዘጠቓልል ጽሑፍ ምጽሓፍ፡ ከም ጽልኢ ዝደረኾ ገበን ክውሰድ ይኽእልዩ።

## ምልክታት ጽልኢ

### ጽልኢ ኣብ ገበናዊ ሕጊ ካናዳ

ኣብ ገበናዊ ሕጊ ካናዳ፡ ምስ ጽልኢ ዝተኣሳሰሩ ሰለስተ ገበናት እዮም። ኣባላት ማሕበረሰብ መብዛሕትኡ ግዜ ከም ናይ ጽልኢ ገበናት ዝዛረቡሎም ካልኦት ብዙሓት ገበናት ኣለዉ። ይኹን እምበር፡ ፖሊስ ብዛዕባ እዚኦም ከም ብጽልኢ ዝተደረኹ ወይ

ብቕድመ-ፍርዲ ዝተደረኹ ገበን ክዛረቡሉም ይኽእሉ (Community Justice Initiatives, 2023)። ንናይ ጽልኢ ገበን ምሕባርን፡ ኣድላዪ ደገፍ ንምርካብን፡ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ብምኻድ ተወከሱ፥ [reporting section](reporting section)።

ብጽልኢ ዝተደረኹ ናይ ጽልኢ ምልክታት ምርዳእ፡ ሓደ ፍጻመ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ንምሕጋዝ ዝሕግዝ፡ ኣገዳሲ ስጉምቲ እዩ። ከምቲ ማሕበር ትምህርትን ምርምርን ጸረ ዓሌታውነት ካናዳ ዝሕብሮ (Canadian Anti-racism Education and Research Society (2022)):

> ዓሌታዊ ምልክታት፡ ንምፍርራሕን ንምግፋዕን ኣብ ዝውዕሉሉ እዋን እንታይ ክንገብር ንኽእል? ምስ ዓሌታዊ ምልክታት ኣብ ምግጣም፡ እቲ ቀዳማይ ስጉምቲ ምልላዮም ምኽኣል እዩ። ገለ ዓሌታዊ ምልክታት፡ ከም ስዋስቲካ (swastika) ወይ ሓጺናዊ መስቀል (iron cross) ብሰፊሑ ዝፍለጡ እዮም። ካልኦት ድማ ብተዛማዲ፡ ሓደሽቲ ወይ ብዙሕ ዘይፍለጡ እዮም።

ኣብ ታሕቲ፡ ነዞም ናይ ጽልኢ ምልክታት ዘለዎም ነገራት ንምልላይ ዝሕግዙ ገለ ሓበሬታታት ቀሪቦም ኣለዉ (ኣስተውዕል፥ ነዞም ሓበሬታታ ክትርኢ ወይ ክተንብብ እንከሎኻ፡ ምልክታት ጽልኢ ይረኣዩ እዮም)፤

- ጋንታ ጸረ ጸለመ (The Anti-Defamation League (ADL)) ዓለምለኻዊ ጸረ-ጽልኢ ዝኾነ ትካል እዩ። ናይዚ ትካል መርበብ ሓበሬታ፡ ADL website፡ ንጽልኢ ዝድርኹ ምልክታትን፣ ቃላትን፣ ኣርማታትን፣ ንምልላይ ክትጥቀምሉ እትኽእሉ ናይ ጽልኢ ምልክታት ዳታቤዝ እዩ። እዚ ድማ ንዘጋጥሙኻ ምልክታት፡ ብጽልኢ ዝተደረኹ እንተኾይኖም ንምፍላጥ ክሕግዘካ ይኽእል።
- ኣብ መርበብ ጸረ ዓሌታውነት ካናዳ ናይ ኢንተርነት ገጽ (Canadian Anti-Racism Network website)፡ ብመንገዲ ናይ ተጻረርቲ ጽልኢን ጉጅለታቶምን፡ መምርሒታት ንምሕበረሰብኣዊ ምንቅስቓስን ስጉምቲ ንምውሳድ ዝጠቕሙን፡ ክትፈልጦም ዘለካ ብርክት ዝበሉ ዓሌታዊ ምልክታትን ዕለታትን ይሕብር።

## ጽልኢ ኣብ ኢንተርኔት (Online)

ጽልኢ ኣብ ኢንተርኔት፡ ብዝተፈላለዩ መረኸቢ ብዙሃን፣ ናይ ቴክስት ምልእኽትን፣ መርበብ ሓበሬታን፣ ካልኦትን ክኸውን ይኽእል። እዚ ብሕዝባዊ ይኹን ብብሕታዊ መልክዕ ዝገሃድ ጽልኢ፡ ክቃላዕን ክሕበርን ይከኣል እዩ።

---

ኣብ ርእሲ ምቅላዕን ምሕባርን፡ ብኽብረትኩም ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዕርቂ፣ ማዕርነትን፣ ብዙሕነትን፣ ሓቓፍን (Reconciliation, Equity, Diversity and Inclusion webpage) ዝርከብ ናይ ማሕበረሰብ ደገፋትን ሓበሬታትን ኣብ ግምት ኣእቲኹም፡ ኣብ መንነት ዝተመርኮሰ ጉድኣት፣ ጥዕና ኣእምሮን፣ ምኽርን፡ ንምሕጋዝ ክትጥቀሙ ይከኣል። ክልተ ኣብ መንእሰያት ዘተኮሩ ኣብነታት ንምጥቃስ፡ ከም ፍሮንት ዶር (Front Door (ንመንእሰያት)) - 519-749-2932፣ ከምኡ'ውን ናይ ሕጻናት ሓገዝ ቁ. ስልኪ (Kids Help Phone) - 1-800-668-6868 ምድዋል ወይ ኣብ 686868 ቴክስት ምጽሓፍ ይርከብዎም።

---

# ምሕባር



## ክትሕብረሎም እትኽእለሎም መገድታት

ጽልኢ ዝደረኾ ናይ ጽልኢ ምልክት እንተረኺቡ፡ ወይ ብጽልኢ ዝተደረኸ ፍጻመ እንተጋጢሙኒ፡ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

## ናይ ዞባ ዋተርሉ ኣገልግሎት ፖሊስ

ብጽልኢ ዝተደረኹ ናይ ጽልኢ ፍጹመታት፡ ንኣገልግሎት ፖሊስ ዞባ ዋተርሉ ክሕበር ይከኣል (WRPS)። ናይ ጽልኢ ዘረባ ወይ ናይ ጽልኢ ምልክታት ዘጠቓልል ነገር እንተረኺብኩም፡ ናብ ኣገልግሎት ፖሊስ ደዊልኩም፡ ዘጋጠመኩም ናይ ጽልኢ ገበን ክትሕብሩ ከም እትደልዩ ንገርዎም፣ ወይ ድማ ካብቲ ኩነታት ተመርኲስኩም፡ ነዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ካልኦት ምንገድታት ክትድህስሱ ትኽእሉ።

ኣብ ግዜ ሓደጋ፡ ኣብ 911 ደውሉ።

- ህጹጽ ኩነታት ገበን ኣብ ዝካየደሉ ዘሎ እዋን፣ ኣብ ሓደገኛ ወይ ዘይውሑስ ኩነታት ክትርከብ እንኮለኻ፣ ወይ ህጹጽ ሕክምና ክድልየካ እንኮሎ የጠቓልል።

ህጹጽ ዘይኮነ ሓበሬታ ንምሃብ፡ ብተሌፎን ኣብ 519-570-9777 ምድዋል ይከኣል።

- ዘይህጹጽ ኩነታት ዝበሃል፡ ፖሊስ ዘድልዮ ገበን ኰይኑ፡ እቲ ገበን ግን ድሮ ዝተፈጸመ ኾይኑስ፡ ሓበሬታ ክትህብ ወይ ምኽሪ ክትሓትት ኣብ እትደልየሉ እዋን ክትጥቀመሉ ይከኣል።

## ስም-ኣልቦ ሓበሬታ ንዞባ ዋተርሉ ክራይም ስቶፐርስ ፖሊስ (Crime Stoppers) ኣብ 1-800-222-TIPS (8477) ምድዋል

- ክራይም ስቶፐርስ(Crime Stoppers)፡ ንፖሊስ ስሞ-ኣልቦ ሓበሬታ ንምሃብ ዝሕግዝ ሓደ መንገዲ እዩ። ዝደወልካሉ ቁ. ስልኪ ስለዘይረአ፡ ከመኡውን ንዝደወለ ምክትታል ስለዘየለ፡ መንነትካ ክትገልጽ ኣይትሕተትን ኢኻ።
- ምልክታን ሓበሬታን፡ ብኢንተርነትውን ክትህብ ትኽእል ኢኻ [Waterloo Regional Crime Stoppers](Waterloo Regional Crime Stoppers).
- ንስኻ ባዕልኻ ግዳይ ገበን እንተኾንካ ግና፡ ገበን ደው ዘብሉ ፖሊስ ክሕግዙኻ ስለዘይክእሉ፡ ክትሕብሮም ኣድላዪ ኣይኮነን። ብኽብረትኩም ነቶም ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ኣገለግሎ ፖሊስ ደዊልኩም፡ ወግዓዊ ጸብጻብ ግበሩ።

## ኣብ ናይ ኪችነር-ዋተርሎ ጥምረት ኣስላም ደቂ ኣንስትዮ ኣብ 519-722-2449 ደውሉ

ብዓሌታውነት፣ ጽልኢ-እስልምናን ፣ጽልኢ-ባዕዳውያንን ዝተደረኸ ናይ ጽልኢ ፍጻመታትን/ወይ ኣድልዎ፡ ብመንገዲ ጥምረት ኣስላም ደቂ ኣንስትዮ ኪችነር-ዋተርሉ (Coalition of Muslim Women of KW) ኣቢልኩም ክትሕብሩ ይከኣል።

- ብኦንላይን ኣብ https://reportinghate.ca/ ብምኻድ
- ተሌፎን ምድዋል፣ ቴክስት ምጽሓፍን፡ ብዋትስኣፕን እውን ይከኣል።

## ኣብ ናይ ከተማ ዋተርሉ ምምሕዳር ኣኸበርቲ ሕጊ ኣብ 519-747-8785 ድውሉ

እቲ ስእላዊ ጽሑፍ ወይ ዕንወት ንብረት፡ ብጽልኢ ዝተደረኸ ከምዝኾነ እንተዘይመሰለኩም፡ ኣባላት ማሕበረሰብ ምስ ኣኸበርቲ ሕጊ ምምሕዳር ከተማ ዋተርሉ ተረኺቦም ክሕብሩ ይኽእሉ እዮም፥

- ብኦንላይን ኣብ [an online report](an online report) ብምኻድ
- ብመዓልቲ፡ ኣብ ቅ. ተሌፎን 519-747-8785 (ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ፡ ካብ ሰዕት 8:30 ንግሆ፡ ክሳብ 4:30 ድ.ቐ.)ብምድዋል
- ብግዜ ምሸትን፣ ኣብ መወዳእታ ሰሙንን፡ በዓላትን ድማ ብቑ. ተሌፎን ኣብ 519-570-9777 ምድዋል
- ብኢሜይል ድማ፡ ኣብ municipalenforcement@waterloo.ca ምጽሓፍ ይከኣል።

## ንምንታይ ንሕብር?

- ንፍጻመታት ጽልኢ ምሕባር፡ ንዓኻን ንኻልኦት ሰባትን፡ ዳግማይ ንኽይፍጸም ንምክልኻል ክሕግዝ ይኽእል እዩ።
- ኣብ ዞባ ዋተርሉ ብጽልኢ ዝተደረኹ ፍጻመታት ጽልኢ፡ ብዝበለጸ ንምርዳእ ይሕግዝ። ነፍሲ ወከፍ ሓበሬታ፡ ኣብ ከባቢኻ ብሓቂ እንታይ ይካየድ ከምዘሎ ዝገልጽ ስእሊ ይሃንጽ፣ ኣብ ልዕሊ ሓደ ዝተወሰነ ጉጅለ ወይ ብፍሉያት ውልቀሰባት ዝግበር ፍሉይ ባህርያት ዘርኢ ይኸውን።

- ጽልኢ ምሕባር፡ ነቲ ናይ ጽልኢ ፍጻመታት ደው ንምባል ዝግበር ምንቅስቓስ ይሕግዝ። እቲ ናይ ጽልኢ ፍጻመ ዓቢ ይኹን ንእሽቶ ብዘየገድስ፡ ምሉእ ሕብረተሰብ ንጽልኢ ብኹሉ መልክዑ ምሕባርን ኣገዳሲ እዩ።
- ንፖሊስን ቤት ምኽርን ዝኣመሰሉ ናይ ከባቢ ትካላት ኣገልግሎት ንቕሓት ብምፍጣር፡ ንኹሉ ኣብቲ ከባቢ ዝነብር ሰብ ብዝበለጸ ንምምሃርን፣ ንምሕባርን፡ ንምክልኻልን ይጠቅም።

(ጥምረት ኣስላም ደቂ ኣንስትዮ ኪችነር-ዋተርሉ 2023)

## ሓበሬታ ንምሃብ ዝጠቕሙ ምኽርታት

ንሓደ ናይ ጽልኢ ፍጻመ ክትሕብር እንክለኻ፡ ኣገዳሲ ዝርዝራት ንምእካብ ተጠንቀቕካ ኣስተውዕል፡ ንኣብነት፥

- ብዝከኣለካ መጠን ስእሊ ከተልዕል ፈትን
- ነቲ ብጽልኢ ዝተደረኸ ነገር ዝረኸብካሉ ሰዓትን ክትዝክሮ እትኽእል ናይ ግዜ ገደብን ፈሊኻ ምግላጽ። ንኣብነት፡ እቲ ኽስተት፡ ትማሊ ምሸት ክትዛወር ወጺእካ እንኮለኻ ዘይነበረ እነተኾነ።

ካብ ወግዓዊ ሓበሬታ ምሃብ ወጻኢ፡ ሓበሬታ ክትህብ እንክሎኻ፡ ነዞም ዝስዕቡ ኣብ ግምት ኣእቱ፤

- ኣብ ውሽጢ ከባቢ (ጎረባባቲ) ወይ ማሕበረሰብብኣዊ ኩነታት እንኮለኻ፡ ወይ ብመገዲ ናይ ከባቢኻ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ጎዳእን ጽልኢ ዝደረኾን ምስልታት ኣይተካፈል። ስእልታት ምክፋል ዝያዳ ጉድኣት ከስዕብ ይኽእል እዩ። ስእልታት ምስቶም ብቐጥታ ሓበሬታ ዝእክቡን ዝነጥፉን ትካላት ከም ኣኽበርቲ ሕጊ ጥራይ ኣካፍል። .
- ብዛዕባ ሓደ ብጽልኢ ዝተደረኸ ፍጻመ ንጎረባብቲ ክትሕብር ምስ እትደሊ፡ ነቲ ከስዕቦ ዝኽእል ጉድኣት ብዝሕሉ መንገዲ ግለጾን፡ ዝያዳ ጉድኣት ንምምጻእ ዘይኮነስ፡ ዕላማኡ ደገፍ ክትህብን ክትረክብን ምዃኑ ኣረጋግጽ።
- እቲ ፍጻመ ንፖሊስ ምስተሓበረን፡ ብፖሊስ ምስተመርመረን፡ ኣብ ናይ ጽሬት ስራሕ ንምስታፍ ዝሕግዙ መንገድታት ምሕሳብ። እቲ ናይ ጽልኢ ምልክት ወይ ቋንቋ፡ ኣብ ውልቃዊ ንብረት ናይ ሓደ ሰብ እንተኾይኑ፡ ባዕልኻ ወይ ምስ ጎረባብትኻ ተሓባቢርኩም ናይ ምጽራይ ሓገዝ ንምቕራብ ኣብ ግምት ኣእቱ። ቦያ ምልካይ፣ ናይ መጽረዪ ኣቕሑት ምቕራብ፡ ወይ ንዝተበላሸዉ ነገራት ንምእላይ ምሕጋዝ፡ እቲ ግዳይ ጽልኢ ዝኾነ ጎረቤትካ ፍቓደኛ እንተኾነ፡ ደገፍካ ከተርእዩሉ ኣትኽእለሉ መገድታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

## ሓበሬታ ምስ ሃብካ፡ እንታይ ክትጽበ ትኽእል?

ናይ ጽልኢ ፍጻመ ክትሕብር እንክሎኻን፡ ምስ ዝተፈላለዩ ትካላት ክትራኸብ እንክሎኻን፡ ክትጽበዮም እትኽእል ነገራት እዞም ዝስዕቡ እዮም፥

### ናይ ዞባ ዋተርሉ ኣገልግሎት ፖሊስ

- ናብቲ ናይ ህጹጽ እዋን ቁጽሪ ተሌፎን ክትድውል እንኰሎኻ፣ ወይ ብመንገዲ እቲ ህጹጽ ዘይኮነ ቁጽሪ ክትሕብር እንኰሎኻ፣ ወይ ድማ ንዋተርሉ ክራይም ስቶፐርስ [Waterloo Regional Crime Stoppers](), ክትድውል ከለኻ፡ ኣስዒብካ እንታይ ክትገብር ከምዘሎካ መምርሕን ደገፍን ክትረክብ ኢኻ።
- ብመገዲ ዞባ ዋተርሉ ኣገልግሎት ፖሊስ፡ ብቛንቋኻ ክመይ ጌርካ 911 ክትድውል ከም ኣትኽእል፡ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ ብምኻድ ተመሃር፡ [calling 911 in your language]()
- ሓበሬታኹምን ብዛዕባ እቲ ፍጻመ ድማ ዝርዝር ሓበሬታ ክውሰድ እዩ።
- ልክዕ ተሌፎን ምስ ደወልኩም፡ ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ምንቅስቓስ፡ ብኡ ንብኡ ይጅምር።
- ምስ ዞባ ዋተርሉ ክራይም ስቶፐርስ ክትራኸብ ከለኻ፡ ሽም-ኣልቦነት ናይቲ ወሃቢ ሓበሬታ ውሑስ እዩ። ዝተዋህበ ሓበሬታ ናብ መርማሪ ሓላፊ ወይ ፍሉይ ኣሃዱ ንምርመራ ይኸይድ።

### ጥምረት ኣስላም ደቂ ኣንስትዮ ኪችነር-ዋተርሉ

- ሽምካ ከይገለጽካ፡ ናይ ባዕልኻ ወይ ናይ ካላእ ሰብ ሓበሬታ፡ ብኢሜይል ኣብ report@cmw-kw.org ብምጽሓፍ ምሃብ ይከኣል፤ ወይ ብቐጥታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.reportinghate.ca. ብምኻድ፡ ሓበሬታ ምሃብ ይከኣል።
- ሓበሬታ ኣብ ስልኪ ቁጽሪ 519-722-2449 ብምድዋል፣ ብቴክስት መልእኽቲ ብምጽሓፍ፣ ወይ ብዋትስኣፕ እውን ምሕባር ይከኣል።
- ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ክትሕብር ይከኣል።
- ኣዚ ቑጽሪዚ፡ ህጹጽ ናይ ሓደጋ ቁጽሪ ኣይኮነን። ኣብ ግዜ ሓደጋ ፡ ናይ ቅልጡፍ ረድኤት ቁጽሪ 911 ደውል።
- ሓደ ካብ ጥምረት ኣስላም ደቂ ኣንስትዮ ኪችነር-ዋተርሉ፡ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ክራኸበኩም እዩ።.
- ካብ ጥምረት ኣስላም ደቂ ኣንስትዮ ኪችነር-ዋተርሉ፡ ብብሕቲ ደገፍ ክትረኽቡ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ከም ንኣብነት፤
  1. ምስ ትኽክለኛ ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ከም ቤት ፍርዲ ሰብኣዊ መሰላት ኦንቴርዮ፣ ኣባይቲ፣ ቤት ትምህርቲ፣ ክንክን ጥዕና፣ ፖሊስን ዝመሳሰሉን ምርኻብ።
  2. ምኣንታኻ ምስ ትኽክለኛ ሰበስልጣን ምዝርራብን ምጉስጓስን/ምጥባቕን
  3. ብዛዕባ ጉዳይካ ኣብ ዝግበር ኣኼባታት ምሳኻ ምኳን
  4. ከም ኣድላይነቱ፡ ናብ ግቡእ ኣገልግሎታት፡ ከም ጠበቓታት፣ ኣካየድቲ ሕግን፡ መምርሕን ከተማ ምውካስ
  5. ጥርዓን ንምቕራብን ደብዳቤ ንምጽሓፍን ምሕጋዝ
  6. ኣገዳሲ ባህላዊ ምኽሪ ምሃብ
  7. ምስ ዓሌታውነትን፣ ጽልኢ እስልምና፣ ጽልኢ ባዕዳውያንን ዝተኣሳሰሩ ናይ ከባቢ ግርጭታት/ጸገማት ብሽምግልና (ሱላሕ) ምፍታሕ።

### ኣኽበርቲ ሕጊ ምምሕዳር ከተማ ዋተርሉ

- ሓበሬታ ብመንገዲ ኢንተርኔት ትህብ እንተኾንካ፡ ሕቶኻ ናብቲ ኣብ ስራሕ ዘሎ ኣባል ስራሕተኛ ክተሓላለፍ እዩ።
- እንድሕሪ ደኣ ሓበሬታ ብተሌፎን ትህብ ኰንካ ድማ፡ ድሕሪ ሰዓታት ስራሕ ዝግበር ጻውዒት ኣብ ዝቕጽል ናይ ስራሕ መዓልቲ መልሲ ክወሃቦ እዩ።

## ጎረባብቲ (ከባቢ) ክገብርዎ ዘለዎም ስራሕ

### ሓገዝን ደገፍን ምርካብ

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ፡ ብጽልኢ ዝተደረኸ ፍጻመ፡ ኣብ ውሽጢ ከባቢኻን ኪኖኡን ብብዙሕ ዝተፈላለየ መንገዲ ጉድኣት ከስዕብ ይኽእል እዩ። እንድሕሪ ደኣ ሓደ ጎረቤትካ ደገፍ ዘድልዮ ኾይኑ፡ ሓላፉን ርሕሩሕን ኩን። ኣብዚ ግዜ እዚ፡ ሓደ ካብቶም ጎረቤትካ ከድልዮ ዝኽእል ሓገዝ፡ ጸጋታትን ሓበሬታን ኣበይ ክረክብ ከምዝኽእል ምሕባር እዩ። ጎረባብቲ ክድገፉ ዝደልዩሉ ሓደ መንገዲ ክኸውን ዝኽእል ምንጭታት ሓበሬታ ምቕራብ እዩ። ኣብ ከባቢ ካብ ዝርከቡ ናይ ሓበሬታን ደገፍን ኣገልግሎታት ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ኣለዉ።

ትካል ተበግሶታት ፍትሒ ማሕበረሰብ (Community Justice Initiative): መንነት መሰረት ዝገበረ ኣገልግሎት ሽምግልና መጉዳእቲ

### ሽምግልና (ሱላሕ)

መንነት ናይ ሓደ ሰብ፡ ወይ መዳያት መንነቱ ነቲ ጉድኣቱ ዘህሰስ ወይ ዘናእስ ክኸውን እንኰሎ፡ ሱላሕ ኣብ መንነት ዝተመርኮሰ፡ ንኹሉ ዓይነት ግርጭትን ገበንን ናይ ምሕዋይ ኣገባባት ተበርክት። ሰባት ካብ ዝተፈላለየ ድሕረ ባይታን፡

ተመኩሮታትን ዝመጹ ስለዝኾኑ፡ ኣብ ዘጋጥሞም ማህሰይቲ ጽልዋ ኣለዎ። ገለ ኣብነታት ናይቶም ምስ ኩነታት መጉዳእቲ ዝኸዱ ኣገደስቲ ምልክታት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፥ ዓሌት፣ ኩነታት ስደት፣ ዕድመ፣ ማሕበረ-ቁጠባዊ ኩነታት፣ ጾታዊ መንነት፣ ጾታዊ ዝንባለ፣ ሃይማኖትን ዓቕምን ይርከብዎም።

ዝሰልጠኑ ኣመሓደርትን መንነኛታትን፡ ንምስ መንነት ዝቃለሱ ውልቀሰባትን ጉጅለታትን፡ ኣብ ሓደ ንኽመጹ ከድግፉ ይኽእሉዮም። ሱላህ (ሽምግልና) ኣብ ዙርያ ዝተፈላለዩ ኣርእስታት ንዝግበር ዳህሳስን ውሳነን ከሕግዝ ይኽእል እዩ። እዞም ዝስዕቡ ድማ ከጠቓልሉ ይኽእሉ እዮም፤ ምግምጋም ድሌታት፣ ምኹስኳስ ምርድዳእ ፣ ጉድኣት ምጽጋን፣ ዝምድናታት ምምላስ፣ ኣብ ዝምድናኦም ንኽህልዉ(ክቕጽሉ) ውጥን ንምፍጣር ምጥዕዓም፣ ተሓታትነት

## ሱላሕ ንመን እዩ?

ሱላሕ ነዞም ዝስዕቡ ኣባላት ሕብረተሰብ እዩ፥

- ኣብ መንነት ዝተመርኮሰ ጉድኣት ንምብጻሕ ተዋፊሮም፣ ወይ ኣስዒቦም፣ ወይ ተሳቲፎም፡ እንተ ነይሮም።
- መንነት መሰረት ዝገበረ ጉድኣት ዘጋጠሞም
- ነቶም ወይ ኣብ መንነት ዝተመርኮሰ ጉድኣት ንምብጻሕ ዝተዋፈሩ፡ ወይ ነቶም ጉዳት ዘጋጠሞም ይድግፉ እንተ ኣለዉ።
- ኣብ ዝምድናታቶምን ኣብ ማሕበረሰቦምን፡ መንነት መሰረት ዝገበረ ጉድኣት ንምክልኻል ተገዳስነት ዘለዎም።

ሱላሕ ካብ ብዝተፈላለዩ መንገድታት፡ ጽልኢ መሰረት ዝገበረ ጉድኣት ዘጋጠሞም/ ኪጋጥሞም ዝኽእል ሪፈራላት ብሓንስ ትቕበል። እዚኦም ድማ ኣባላት ማሕበረሰብ፣ ኣገልግሎት ፖሊስ ዞባ ዋተርሉ፣ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ከምኡ እውን ከም ናይ እምነት ቦታታት ወይ ማሕበረሰብኣዊ ማእከላት ዝኣመሰሉን፡ ናይ ማሕበረኮማትን ይርከብዎም።

## ናይ ሱላሕ ናይ ምክልኻል ኣገልግሎታት እንታይ'ዮም?

ሱላሕ ንዘተን ዝርርብን ቦታ ብምሃብ፡ ኣብ መንነት ዝተመርኮሰ ጉድኣት ንምክልኻል፡ ዝምድናታት ብምህናጽ ደገፍ ትህብ።

ምስቶም ቦታታት እንሻረኾም ሰባት፡ ትርጉም ዘለዎ ዝምድና ምምስራትን ምህናጽን፡ ንተቐባልነትን ዋንነትን መሰረት ክኸውን ይኽእል። ማሕበረሰባት ኣብ ነንሕድሕድና ዘለና ኣረኣእያን/ግምታትን ንምድህሳስ ዝዕድምን፡ ኣብ ዝተመቻቸወ ዝርርባት ንምእታውን፡ ናብ ዝዓበየ ምርዳእ ናይ ሕይወት ተመኩሮታት ንምስግጋር ደገፍ ሱላሕ ክሓቱ ይኽእሉ። ኣብዞም ኣገልግሎታት እዚኣቶም፡ ገለ ካብቶም ንጥፈታት፡ ከም ዙርያ ዝርርብን፣ ዝተመቻቸወ ትምህርትን፣ ኣስተምህሮታታን፡ ወዘተ ክኾኑ ይኽእሉ።

ኣብነታት ናይቶም ክምልመሉ ዝኽእሉ ኣገልግሎታት ምክልኻል፡ እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፥

- ዓቕሚ ናይቲ ኣብ ዙርያ መንነት ዝግበር ኣጸጋሚ ዝርርባት፡ ብዝያዳ ንምሕያል ዝደልዩ ማሕበረሰባት
- ምስ ስራሕ ዝተኣሳሰር፡ መንነት መሰረት ዝገበረ ጉድኣት ንምክልኻል ኣብ ዝግበር ጻዕሪ፡ መንነት ንምፍታሕ/ንምግላጽ ዝግደሱ ትካላት

## ናይ ሱላሕ ናይ ሽምግልና ኣገልግሎታት እንታይ'ዮም?

ሱላህ ብቐንዱ ምስ መንነት ዝተኣሳሰረ፡ ብግጭት ወይ ብገበን ጉድኣት ኣብ ዘጋጠመሉ ኩነታት፡ ብኣገልግሎት ሽምግልና ኣቢላ ናይ ምሕዋይ (ዕርቂ) ዕድላት ትህብ።

ኩሉ መቕጻዕቲ፡ ንኣድልዎ ከመዘይነበረ ወይ ከምዘይፍለጥ ክገብር ከምዘይክእል ኣጸቢቓ ስለ እትፈልጥ፡ ሱላህ (ሽምግልና)፡ ዘይመቕጻዕታዊ ኣገባባት ፍታሕ ብምራጽ፡ ተቐባባልነትን ኣባልነትን ዘለዎም ማሕበረሰባት ንምጥራይ/ንምዕባይ፡ ክትሰርሕ ቃል ኣትያ ኣላ። ሱላሕ፡ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ፍልልያት፡ ኣብቲ ኣብ መንጎ ሰባት ዝግበር ዝምድናታት፡ ምርድዳእ ምህናጽ ወሳኒ ምኳኑ ትርዳኣያ። ሱላሕ ነቶም ንመንነት መሰረት ዝገበረ ጉድኣት ኣበርኪቶ ዝገበሩ፣ ወይ ነቶም ብሰንኩ መጉዳእቲ ዝረኸቡ፣ ወይውን ነቶም ካልኦት ኣብዚ ጉዳይ ዝተሳተፉን፡ ንኹሎም ብዝበለጸ ክጠቕም ዝኽእል ዓይነታት ደገፍ ንምርካብ ድልውቲ

እያ። ገለ ካብቶም ንኣገልግሎታት ሽምግልና ክዉን ክገብሩ ዝኽእሉ መገድታት ድማ፡ እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፥ ገጽ-ንገጽ ብምርኻብ ዝግበር ሽምግልና፣ ሻትል ሽምግልና (ተውናጫፊ ሽምግልና፡ ማለት ነቶም ሰብ ጉዳይ ከምዘይራኸቡ ጌርካ፡ ሓሳቦም ከምዝቀያየሩ ምግባር)፣ ሶረገሲ ሽምግልና (ማለት ብውክልና ዝግበር ሽምግልና)፣ ሓደ-ንሓደ ምድጋፍ (ነቶም ሰብ ጉዳይ ሓደ ብሓደ ብምርካብ ዝግበር ሽምግልና)፡  ብዝርርብ ወይ ብዋዕላ ዝግበር ሽምግልና።.

ኣብነታት ናይቶም ኣገልግሎታት ሽምግልና ክጠቕሞም ዝኽእል ፍጻመታት እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፥

- ሓደ ወገን፡ ኣብ ልዕሊ ሓደ ውልቀሰብ ወይ ግጅለ፣ መንነት መሰረት/ምኽንያት/ዒላማ ብምግባር ዘምጽኡ ጉድኣት ንኣብነት፡ ሓደ ሰብ ያሚካ (ኣይሁዳውያን ዝመልስዎ ቆቢዕ) ተኸዲኑ ኣብ ምገዲ ከላግጹሉ ከለዉ፡ ዝስምዖ ፍርሒ።
- ሳዕቤን ናይቲ ንመንነት ዒላማ ዝገበረ ርእይቶታት ወይ ተግባራት ዝወሃብ ግብረ-መልሲ።  ንኣብነት፡ ሓደ ማሕበረሰብ፡ ብሰንኪ እቲ ኀረባብቲ ዘይተቐባልነት ዝመልኣ ብዛዕባ ስደተኛታት ዝህብዎ ርእይቶ፡ ሓራቕ ግብረ መልሲ ምሃብ።
- ምልክታት ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ብዕላማ ምጥቃዕ፣ ምልክታት ጽልኢ ብምጥቃም፡ ናይ ሓደ ማሕበረሰብ ከባቢ ኣብ ሓደጋ ምእታው፣ ወይ ድማ ኣድልዎ ዘመልክቱ ወይ ዘበራትዑ ተግባራት ምዝውታር። እዚ ድማ፡ ንሓደ ሕብረተሰብ ተቐባልነት ከምዘይስምዖ ዘጉልሕ ተግባር እዩ።.  ንኣብነት፡ ባንዴራታት ጥራይ ምብልሻው ወይ ምእላይ፣ ምልክት ስዋስቲካ ኣብ ናይ ኣይሁድ ናይ ጸሎት ቦታ ምስኣል፣ ኣብ መንእሰያት ዝዝውተር ናይ ዓሌታውነት ጸርፊታት፣ ዋላኳ ንወልቀሰብ ብፍሉይ ዝዓለመ እንተዘይኮነ።

ብዛዕባ እዞም ኣገልግሎታት ዝያዳ ንምፍላጥ፡ ብኽብረትኩም ኣብ መርበብ ሓበሬታ ሱላህ [Sulah webpage ብምኻድ] ተወከሱ። ወይ ድማ ን Kamil Ahmed ኣብ kamila@cjiwr.com, ብምጽሓፍ ወይውን ኣብ ቁ, ስልኪ  519-744-6549 ext. 205. ብምድዋል ተራኸቡና።

ጥምረት ኣስላም ደቂ ኣንስትዮ ኪቸነር-ዋተርሉ
ካብ ገበናት ጽልኢ፣ ካብ ፍጻመታት ጽልእን ኣድልዎን ንዝደሓኑ ሰባት፡ ብኸምዚ ዝስዕብ ደገፍ ክሕግዙ ይኽእል፥

- ሽግራት ንምፍታሕ፡  ምስ ትኽክለኛ ሰበስልጣን ምርኻብ
- ምስ ከም ኣብያተ ትምህርቲ፣ ፖሊስ ወዘተ ዝኣመሰሉ ትካላት፡ ጎስጓስን ምግባርን ምጥባቕን
- ኣብ ጉዳያት ቤት ፍርዲ ሰብኣዊ መሰላት ምድጋፍ
- ንባህላዊ ስሚዒታት ጥንቁቕ ዝኾነ ናይ ምኽሪ ሪፈራል ምግባር
- ብመንገዲ ሱላሕ ናብ ምሕዋይ ፍትሒ/ሽምግልና ምውካስ/ሪፈራል ምግባር

በቲ ሓደ--ንሓደ ዝወሃብ ምኽሪ እንተደለኹም፡ በዚ ኢሜይል report@cmw-kw.org ተራኸቡና፣ ወይ ድማ ኣብ ቁ. ስልኪ 519-722-2449 ብምድዋል፣ ቴክስት ብምጽሓፍ፣ ወይ ብዋትስኣፕ ተራኸቢና። እዚ ደገፍ እዚ ብዝተፈላላልዩ ቋንቋታት ይቐርብ። .

## ምንጪ ሓበሬታታት ብዛዕባ ጽቡቕ መነባብሮ

ገጽ መርበብ ኢንተርነት [Reconciliation, Equity, Diversity and Inclusion webpage]፡ ኣብዚ እዋን እዚ ንናይ ኣእምሮ ጥዕናን፡ ጽቡቕ ምህላውን ድሌታት ንምድጋፍ፡  ሓገዝቲ ክኾኑ ዝኽእሉ ናይ ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ትካላትን ምንጪ ሓበሪታታት ብዝርዝር የቕርብ። ንውልቃዊ ድሌታቶም ንምድህሳስ ክሕግዞም ይኽእልዩ ኢልካ እንተ ሓሰብካ፡ ንኀረባባትኻ፡ ነዚ ናይዚ ምንጪ ሓበሬታታት ሊንክ ንምሽራኽ፡ ወይ ቅዳሕ ናይዞም ምንጪታት ብምሕታም ንኸተቕርበሎም፡ ፍቓደኛታት እንተኾይኖም ኣቐዲምካ ክትሓቶም ኣብ ግምት ኣእቱ። እዚ መርበብ ሓበሬታ፡ ነዞም ዝስዕቡ ናይ ደገፍ መዳያት የጠቓልል፥

- ናይ ኣእምሮ ጥዕና

- ጽቡቕ ምህላው/ መነባብሮ
- ትካላት 2SLGBTQ+
- ምኽሪ
- ብዝኃ-ባህላዊ ትካላት
- ትካላት ደቀባት
- ትካላት ኣካለ-ስንኩላን

---

ንምሉእ ሓበሬታ ኣብ Reconciliation, Equity, Diversity and Inclusion webpage ብምኻድ ተወከስ፣ ወይ ድማ፡ ርኢይቶን፣ ዝተመሓየሸን ሓበሬታን ከተካፍለና እንተደሊኻ፡ በዚ ኢሜይል neighbourhoods@waterloo.ca ጽሓፈልና።

---

### ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሕ ጽልዋታት

ንሓደ ዘሕዝን ወይ ጉዳኢ ፍጻመ ንምጽዋር ደገፍ ምድላይ ኣገዳሲ ጉዳይ እዩ። ድሕሪ ሓደ ጉዳኢ ፍጻመ ዝግበር ሓገዝ፡ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ፡ ከከም ኣድላይነቱ ዝተፈላለየ እዩ። ገለ ሰባት፡ ንድሕሪ ስንባደ ዝመጽእ ጸቕጥን ካልኦት ጽልዋታትን (PTSD) ንነዊሕ ግዜ ዝኸይድ ደገፍ ከድልዮም ይኽእል። ንዝኾነ ሰብ፡ ብኸመይን፡ ክንደየናይን ከምዝተጉደአ ብዘየገድስ፡ ደገፍ/ረድኤት ኩልሻዕ ኣድላዪ ኢዩ። ሊስታ ናይ ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ትካላትን ሰብ ሙያን ኣብቲ ገጻት መርበብ ሓበሬታ፡ Reconciliation, Equity, Diversity and Inclusion webpage. ተዘርዚሩ ይርከብ።

### ምጽራይ ስዕላዊ ጽሑፋት (ግራፊቲ)

ብጽልኢ ዝተደረኸ ጽሑፍ ወይ ካልኦት መልእኽትታት እንተረኣኹም ወይ እንተ ኣጋጢሙኩም፡ ኣብቲ ንምጽራዩ ኣብ ምጅማር ንዝውሰድ ስጉምትታት ምእንቲ ክትሕግዙ፡ ንፖሊስ ሓብሩ። ኣገልግሎት ፖሊስ ዞባ ዋተርሉ፡ ጽሬት መዓስ ክግበር ከም ዝኽእል ክሖኽሩን፡ ንወነንቲ ንብረት፣ ከም ከተማ ዋተርሉ፣ ኣብ ከባቢ መዘናግዒታት፣ ወይ ንዞባ ዋተርሉ ብዛዕባ ሳጹናት መብራህቲ ትራፊክ ክራኽቡዎም እዮም።

እቲ ጽሑፍ ኣብ ናይ ብሕቲ ንብረት (ከም ገዛ ወይ ኣፓርታማ) እንተኾይኑ፡ ከመይ ጌርካ ክትሕግዝ ከም እትኽእል ንምፍላጥ፡ ምስ ዋናታት ክትራኸብ ኣብ ግምት ኣእቱ። እቲ ናይ ጽልኢ ፍጻመ፡ ንከባቢ ዕላማ ዝገበረ እንተኾነ፡ ምጽራይ ሓደ ካብቶም ክግበሩ ዘለዎም ነገራት እዩ። ብፍቓድ ናይቲ ወናኒ ንብረት፡ ንስኻ ወይ ካልኦት ጎረባብቲ ብሓባር ብምኻን፡ ከም መንደቕ ምሕዳስ፣ ቦያ ምልካይ፣ ምሕጻብ መንደቕ፣ ምሕጻር፣ ወይ ካልእ ክትገብሮ እትኽእልን፡ ምስ ወናኒ ንብረት ንምውሳእ ኣብ ግምት ኣእቱ።



## ሓደ ፍጻመ ምስ ዘጋጥም፡ ናይ ከባቢ መራኸቢታት ምድህሳስ

ብጽልኢ ዝተደረኸ ናይ ጽልኢ ፍጻመ ምስ ዘጋጥም፡ ሓደ ስምረት ዘለዎ ከባቢ ወይ ገዛውቲ፡ ኣብቲ ሕብረተሰብ ርሕራሔን ሓልዮትን ከርኢ ይደሊ። በቲ ብጽልኢ ዝተደረኸ ፍጻመ ዝተጸልዉ ወይ ዝተጉድኡ ጎረባብቲ ንምድጋፍ፡ ዝከኣለካ ግበርን ካልኦት እውን ከምኡ ክገብሩ ኣተባብዕን።

ኣብነታት ወይ መንገድታት ንስኻን ጎረባብትኻን ብኸመይ ክታራኸቡ ከም እትኽእሉ፣

- ካልኦት ተጎዲኦምን ተጸልዮምን እንተለዉ ንምርኣይ፡ ገዛ ገዛ ብምኻድ ምስ ጎረባብትኻ ምዝርራብ
- እዚ ተግባርዚ ኣብ ሕብረተሰብ ቅቡል ከምዘይኮነ ኣነጽር፣ ብዛዕባ ስክፍታኻ ድማ ቅኑዕ ኩን።
- ማሕበር ወይ ማዕከል ጎሮባብቲ ንምምስራት፡ ምስ Community Justice Initiatives ምርኻብ

- ከም ሓቛፊ ማሕበረሰብ መጠን፡ ምላሽ ንምሃብ ዘኽእሉ መንገድታት ንምዝታይ፡ ናይ ማሕበረሰብ ኣኼባ ምእንጋድ። እዚ ብዙሕ ዝተፈላለየ ሓሳባት ከጠቓልል ይኽእል እዩ፣ ከም ምድላው ዋዕላ ከባቢ፣ ደገፍ፣ ምውጻእ ገንዘብ ወይ ካልኦት ተግባራት። ንዝቕጽል ስጉምትታት ንምውዳብን፡ ቀዳምነታት ንምስራዕን፡ ንእሽቶ ጉጅለ ወለንተኛታት ንምፍጣር ኣብ ግምት ኣእቱ። ናይ ከተማ ዋተርሉ ጉጅለታት ከባቢ፡ [neighborhoods team](neighborhoods team) ኣብ ርከባት ከባቢ ዝውሰዱ ስጉምትታት ንምድጋፍን ንምሕጋዝን ቅርብቲ እያ።

## ንኹሉ ሓቛፊ ዝኾነ ከባቢ ምድጋፍ

ብጽልኢ ዝተደረኹ፡ ፍጻመታት፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ከጋጥሙ ዝኽእሉኳ እንተኾኑ፡ ከም ከባቢ መዓልታዊ እትገብሮ ግና ነፍሲ ወከፍ ኣባል፡ ኣብቲ ቤተይ ዝብልዎ ቦታ ዝረኽብዎ ደገፍን ሓድነትን፡ ኣዎንታዊ ጽልዋ ክገብርዎ ይኽእልዩ። ኣብ ምፍጣር ተቐባባልን፣ ንኹሉ ዝሓቁፍ ሓድነትን ንጡፍ ምኳን፡ ሕማቕ ነገር ምስ ዘጋጥም፡ እቲ ከባቢ ብቑዕ መልሲ ክህብ ይሕግዞ።

ከባቢኻ ምእንቲ ኩሉሻዕ ንኹሉ ዝሓቁፍ ቦታ ክኸውን ዝሕግዙ

- ናይ ኩሉ እምነትን ባህልን በዓላት ምብዓልን፡ ንኹሉ ዝሓቁፍ ኣማራጺታት መግቢ ምቕራብን።
- ኣባላት ማሕበረሰብ ኣብ ዝጸምሉ እዋናት፡ ኣብቲ ዝተመደበ ንጥፈታት ከባቢ፡ ነቲ መደብ ብኸመይ ክጸልዎ ከምዝኽእል ሕሰብ።
- መኸላእታታት ንዘጋጥሞም ኣባላት ማሕበረሰብ፡ ኣብ ኣኼባታት ወይ ፍጻመታት ንኽሳተፉ ዘኽእሎም ደገፋት ምቕራብ፣ ከም ንሕጻናት ዝጥዕም ኣኼባታት፣ በብዓይነቱ ኣማራጺታት ወይ ግዜያት ዘለዎም ኣኼባብታ ምስንዳው።
- ንሓደሽቲ ጎረባብቲ፡ ሓሳቦም ከካፍሉን ክሳተፉን ምትብባዕ። ኣብ ኩሉ እቲ መደብ ናይ ምውጻእ ግዜ፡ ዝያዳ ድምጺ ብዝተሰምዐ መጠን፡ እቲ ፍጻመ ወይ ፕሮጀክት ዝያዳ ንኹሉ ዝሓቁፍ ክኸውን እዩ። ወለንታዊ ስራሕ፡ ግዜን ተወፋይነትን ዝሓትት እዩ፣ ስለዚ ንጐረባብቲ ዋጋ ኣበርክቶኦም ከምዝፈልጡ ምግባርን፡ ብዝተኻእለ መጠን ድማ፡ ምስ ሓደስቲ ኣባላት ከምዝራኸቡ ምርግጋጽ።



- ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ጉጅለ ከባቢታት [neighbourhoods team](neighbourhoods team) ብምኻድ፡ ንጎረባብቲ ብኸመይ ኣብ ወጻኢታትን ኣሰራርሓታትን ክንሕግዝ ከም እንኽእልን ትርጉም ዘለዎ ምድጋፍ ከምዝከኣልን ተመልከት።
- መንእሰያት ኣብ ኣመራርሓን ኣብ ምውጣንን ንኽሳተፉ ምድጋፍ። መንእሰያት ብናይ ጽልኢ ገበናትን ፍጻመታትን እውን ይጽለዉ እዮም፣ ኣካል ናይ ሓደ ንኹሉ ዝሓቁፍ ማሕበረሰብ ክኾኑን፣ ከባቢኦም ተቐባባሊ ቦታ ንኽኸውን፣ ሓሳባቶም ንኽካፍሉን፡ ክበራትዑ ይግባእ።
- ኣብ እትገብሮም ፍጻመታት፡ ተሳታፍነትን ተኽእሎታትን ኣብ ግምት ኣእቱ። ንኣብነት፡ ምድላዋት ናይ ሓደ ፍጻመ፣ ወይ ኣብ ሓደ ፍጻመ ንእትጥቀመሎም መብራህትን ድምጽታትን ኣብ ግምት ምእታው ከጠቓልል ይኽእል። ንጎረባብቲ ኣብ ፍጻመታት ብኸመይ ክሳተፉን ክድግፉን ከምዝኽእሉ፡ ፍቓደናታት እንተኹይኖም ተወከሶምን ኣተባባዕዮምን።
- ጎረባብቲ ጽልኢ ንኽሕብሩን፡ ኣንጻር ጽልኢ ዝድርኾ ፍጻመታት ክዛረቡን ንምድጋፍ፡ ንኸምዚ መምርሒዚ ዘመሰሉ ምንጪ ሓበሬታታት ምክፋል።

---

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ ብምኻድ ተወከስ፥ [Supporting and encouraging an inclusive community how-to guide](Supporting and encouraging an inclusive community how-to guide).

---

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ፡ ንኹሉ ዝሓቁፍ ስጉምትታት ብስሩዕ መደብ ካብ ምድጋፍ ብተወሳኺ፡ ንከባቢኻ ብዙሕነትን፣ ፍትሓውነትን፣ ሓቖፍነትን፡ ኣገደስቲ ኣካላት ናይ ማሕበረሰብኣዊ ህይወት ዝኾነሉ ቦታ ምእንቲ ክኸውን፡ ብዝያዳ ዘተባብዑ ናይ ተግባር ነጥብታት ወይ ፕሮጀክትታት ምትእኽኻብ ኣብ ግምት ኣእቱ።

ንዝተፈላለዩን ንኹሉ ዝሓቁፍን ፕሮጀክትታት ከባቢ ዝምልከት ሓሳባት

- ኣብ ከባቢኻ ሓንቲ ብዛዕባ ብዙሕነት ብናጻ እትገልግል ንእሽቶ ቤተ-መጻሕፍቲ ጀምር። እዚ ድማ፡ ንኣባላት ማሕበረሰብ፡ ናይ ጸለምትን፣ ደቀባትን፣ ጸዓዱ ዘይኮኑ ጸሓፍትን፣ ከምኡውን ናይቶም ብታሪኽ ግሉላት ዝኾኑ ጉጅለታትን (2SLGBTQ+, ስንኩላን) ድምጺ ዘጕልሑ መጻሕፍቲ ከኻርኹ ይሕግዝ። ናይ ኪችነር-ዋተርሉ ንእሽቶ ናይ ብዙሕነት ቤተ-መጻሕፍቲ፡ KW Little Diverse Libraries፡ ሓደ ዓቢ ምንጪ ሓበሬታ ኰይኑ፡ ንምምሃርን፣ ንምልዕዓልን፣ ንምትብባዕን ዝዓለመ፡ ኣብ መላእ ዞባ ጸረ ዓሌትነት ንምስፋሕን ዝሕግዝ እዩ።
- ብዛዕባ ብዙሕነት ተሕዝቶ ዘለዎም ፊልምታት ንምርኣይ፡ ናይ ቺነማ ምሸት ምስንዳው። እዚ ማለት፡ ንዛንታ፡ ንዳይረክተራት፡ ንተዋሳእቲ፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ኣብ ብዙሕነት ዘትኩሩ መዳያት ምጕላሕ ኣገደስቲ እዮም።
- ኣብ ጸዓዱ ዘይኮኑ ጸሓፍትን፣ ኣብ ብታሪኽ ግሉላት ዝኾኑ ጉጅለታትን ዘተኮረ፡ ክለብ መጽሓፍ ምምራሕ
- ኣብ ከባቢ ዝርከብ ስነ-ጥበብ ናብ ሕብረተሰብ ንምምጻእ፡ ካብ ካልእ ዓሌት ዝኾነ፣ ወይ ካብ ደቀባት፣ ወይ ካብ ማዕርነት ዝግብኦ ጉጅለ ዝኾነ፡ ስነ-ጥበባዊ ምቑጻር። እዚ ድማ፡ ብብዙሕ ዝተፈላለየ መልክዕ፡ ከም ተያትር፡ ሙዚቃ፡ ስእላዊ ስነ-ጥበብን ካልኦትን ከጠቓልል ይኽእል። ምምሕዳር ከተማ ዋተርሉ፡ ብፕሮግራም ስነጥበበ ኣብ ከባቢ ዝፍለጥ፡ Artists in Neighbourhoods program፡ ኣብ ማሕበረሰብኣዊ ሓሳብ ዝተመርኮሰ፡ ንጎረባብቲ ምስቶም ናይቲ ከባቢ ስነጥበባውያን ንምትእስሳርን፡ ነዚ ዝሕግዝ ናይ ገንዘብ ደገፍ ዝገብርን ፕሮግራም ኣለዋ።
- ንጎረባብቲ ናይ ገዛእ ርእሶም ባህልታታን፣ ቅርስታትን፣ ልምድታትን ከብዕሉ ምብርትታዕ። ንመራሕቲ ከባቢታት፡ ነዞም በዓላት ኣብ ምእንጋድ ዘበራትዕን፡ ንድሌታቶም ዘካፍሉን፣ እቲ ከባቢ ዘለዎ ደገፉት ንምቕራብን ዝዓለመ ኣኼባ ንምእንጋድ ኣብ ግምት ኣእትዉ (ንኣብነት፡ ከም ማሕበር ምወላ፣ ምኽሪ/መሪሕነት፣ ምስ ካልኦት ናይ ከባቢ ጋንታት፡ ንሓገዝን ካልእን ዝኣመሰሉ)
- ከባቢኻ ከም ዝግደስ መዘኻከሪ ዝኸውን ናይ ተቐባልነት ምልክታት ግበር። ንኣብነት፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ Heart Beats Hate webpage ብምኻድ፡ ምልክታት ክትገዝእን፡ ሓበሬታ ክትረክብን ይከኣል።
- ኣብ ዞባ ዋተርሉ ምስ ማዕርነት ዝግብኦም ኣባላት ማሕበረሰብ ዝሰርሑ ትካላት ንምድጋፍ፡ ናይ ገንዘብ ምትእኽኻብ መደብ ምድላው።
- ንጸለምቲ፣ ንደቀባት፣ ንኻልኦት መበቆላት፣ ን2SLGBTQ+፣ ንስንኩላንን ንኻልኦት ፍትሓውነት ወይ ማዕርነት ንዝደልዩ ማሕበረሰባትን ዝድግፍ ናይ ከባቢ ፕሮጀክት፣ ፕሮግራም ወይ ትካል ንምድጋፍ፡ ወለንተኛ ምዃን። ምስ ናይ ከባቢ ትካላት ርክብ ብምግባር፡ ከም ጉጅለ ንዝገብርዎ ጻዕሪ ብኸመይ ብዝበለጸ ከም ዝድግፉ ንምፍላጥ፡ ቅድሚ ምውጣን ንተሳትፎኻ ጽቡቕ ጌርካ ምርግጋጽ። ብወለንተኛ ክትሳተፉ ትደልዩ እንተ'ኾንኩም፡ ናይ ዞባ ዋተርሉ ናይ ወለንተኛታት ህሉው ዕድላት ንኽትድህስሱ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ Volunteer Waterloo Region ብምኻድ፡ ተወእከሱ። .
- ንኣብ ከባቢኻ ዘሎ ትምህርትን ምዕባለን ንምድጋፍ፡ ናይ ማሕበረሰብ ዓውደ መጽናዕቲ ኣሰናዱ። ነዚ ንምትግባር፡ ኣብ እትመርጽዎ ኣርእስታት ተመኲሮን ክእለትን ዝነበሮም ትካላት ወይ ውልቀሰባት ምቑጻር።. እዞም ዝስዕቡ ኸኣ ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይከኣል፥ Rainbow Diversity Training ካብ ስፐክትሩም፣ ንጡፍ ተዓዛቢ ምዃን ካብ Becoming an Active Bystander፣ ካብ Sulah ምህናጽ ማሕበረሰብ፣ ከምኡውን ካብ ርክብ ከባቢታት ብዛዕባ ዓመጽ ዝወሃብ ስልጠና Network of Neighbours Violence Intervention Training.

ንኣባላት ማሕበረሰብ ዋተርሉ ንምድጋፍ ሓሳብ ክትህቡ፣ ወይ ተወሳኺ ምንጪታት ሓበሬታ እንተለኩም ንምሕባር፡ ብኽብረትኩም ናብ neighbourhoods@waterloo.ca ብምኻድ ተወከሱ።

እዚ ምወምርሒዚ፡ ኣብ ኦገስት 2023 ትሓዲሱ።

## References


Australian Human Rights Commission. (2023, February 24). What is Racism? https://humanrights.gov.au/our-work/race-discrimination/what-racism

Canadian Anti-racism Network. (2023, February 24). *Warning Signs: Racist Symbols and Dates.* https://stopracism.ca/content/3-warning-signs-racist-symbols-and-dates-0

Coalition of Muslim Women of K-W. (2023, February 24). *Support for Victims.* Report Hate. https://reportinghate.ca/

Community Justice Initiatives. (July 2023). *Sulah*. https://cjiwr.com/sulah/

Government of Canada. (2023, July 14). *Addressing anti-Asian racism.* https://www.canada.ca/en/canadian-heritage/campaigns/asian-heritage-month/anti-asian-racism.html

Government of Canada, (2023, July 14). *Justice Laws Website*. https://lawslois.justice.gc.ca/eng/acts/C-46/page-44.html?txthl=section+319#s-319

Government of Ontario. (2023, July 14). *Ontario's Anti-racism strategic plan.* https://www.ontario.ca/page/ontarios-anti-racism-strategic-plan

Hofmann, Y. (2022, October 28). How to Identify and Eliminate Exclusionary Language at Work. Harvard Business Review. https://hbr.org/2022/10/how-to-identify-and-eliminate-exclusionary-language-at-work

Immigration Waterloo Region. (2023, February 24). *Racial Equity WR.* https://www.immigrationwaterlooregion.ca/en/business-opportunities/racialequitywr.aspx#Waterloo-Region-Specific-Anti-Racism-Resources.

International Holocaust Remembrance Alliance. (2023, July 14). *What is antisemitism?* https://www.holocaustremembrance.com/resources/working-definitions-charters/working-definition-antisemitism

Merriam-Webster. (2023, February 24). *Islamophobia.* https://www.merriam-webster.com/dictionary/Islamophobia

Merriam-Webster. (2023, February 24). *Xenophobia.* https://www.merriam-webster.com/dictionary/xenophobia

Spectrum. (2023, July 14). *What does LGBTQ+ mean?* https://www.ourspectrum.com/resources/what- does/

Waterloo Regional Police Services. (2023, July 14). *Classifying Hate and Crime*. Youtube. https://www.youtube.com/watch?v=3zW6Y_E0bqg